**ኪዳነ ምሕረት፡- ነፍሲ ወከፍ ምስጢረ ቤተ ክርስቲያን ምልላዩ ከሳብ ዝሳኣን ክቕየር ኢዩ**

ሓሙስ፣ መስከረም 05, 2013 ሰዓት 09፤35

'ዛ ዓለይ፣ ኣኽሊል እሾኽ ኣብ ቅዱስ ርእሲ ወደይ ከንብሩሉ እንከለዉ፣ ዘሰቕቕ ኣካላዊ ስቓይ ከውርዱ ጥራይ ኢሎም ዘይኮኑስ፣ ከማሓላልፍዎ ዝደለይዎ መልእኽቲ ስለዝነበሮም'ዩ። ከም ኣማቲ ምልክት ኢዩ ተጌሩ። ከባጭዉሉ እንከለዉ ዝብልዎ ዝነበሩ'ሲ፣ እዚ ርእሲ ቤተ ክርስርቲያን ኢየ ዝበለን ኣነ መሲሕ ኢየ ዝበለን ሰብኣይ፣ ዝጻወሮ የለን ክብሉ ኢሎም ኢዮም። እቲ ኣኽሊል ከንብሩሉ እንከለዉስ ንርእሲ ቤተ ክርስቲያን ኣርኪሶሞ ኢዮም፣ ኣብ'ዚ እዋናት እውን ከምኡ ደጊሞም ከራኽሱዎ ኢዮም።

እቶም ጸላእቲ ክርስቶስ፣ ካብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ወደይ ኴይኖም ንቤተ ክርስቲያን ክቆጻጸርዉዋ እኹል ኣይከኸዉንን ኢዩ - ብብዙሕ ካልእ መንገዲታት ከራኽስዎ ኢዮም። እቶም ንቅዱስ ቁርባን ዝኾኑ ሕብስቲን ትርጉም ቁርባን እንታይ ማለት ምዃኑን ክቕይርዎም ኢዮም። ከም'ዚ ክብሉ ኢዮም፣ ንሱ፣ እቲ ቅዱስ ቁርባን፣ ንደቂ ሰብ ዝውክል ኮይኑ፣ ምልክት ሓድሽ ሕብረት ኢዩ - ኩሎም ሰባት ኣብ ቅድሚ ዓይኒ እግዚኣብሄር ከም ሓደ ክእከቡ እንከለዉ ማለት ኢዩ ክብሉ ኢዮም። ንዓኻትኩም፣ 'ዞም ደቀይ፣ ኩሉኹም ምስ ሓድሕድኩም ሓቢርኩም ኢኹም፣ እዚ ድማ ምኽንያት ጽምብል ኢዩ ክብሉኹም ኢዮም።

ቅዱስ ቁርባን ስጋ ክርስቶስ ኢዩ፣ እቲ ሓቀኛ ህላዌኡ ድማ ኢዩ። ክልተ ዝተፈላለየ ነገር ክኸዉን ኣይክእልን ኢዩ። ዛጊት፣ ነቲ ትርጉሙ ከጠውይዎ ኢዮም - ኣብ መወዳእታኡ ድማ፣ ንመንበረ ታቦታትን ነቲ ኣዝዩ ቅዱስ ሕብስቲን ምስ ኣራኽሱዎ፣ ምስ ቁራስ ሕብስቲ ክትተርፉ ኢኹም፣ ህላዌ ወደይ ከብቅዕ ኢዩ።

ነፍሲ ወከፍ ምስጢረ ቤተ ክርስቲያን ምልላዩ ከሳብ ዝሳኣን ክቕየር ኢዩ። ጸላእቲ ወደይ ኣዝዮም ጎራሓት ስለዝኾኑ፣ እቶም ቅዱሳት ጽምብላት ቁሩብ ጥራይ ዝተቐየሩ ኴይኖም ክርኣዩ ኢዮም። ምስጢረ ንስሓ ከውገድ ኢዩ፣ ምኽንያቱ እቲ ኣራዊት ነፍሲታት ክድሕና ኣይደሊን ኢዩ፣ ምኽንያቱ እዚ ማለት ንወደይ ዓወት ክኸዉን ስለዝኾነ።

ደቀየ፣ ከማልደኩም ምሕታትኩም ክትቅጽሉ ኣለኩም፣ መታን ቃንዛ ናይ'ዘን ዝመጻ ፍጻመታት ክቐልልን እቲ ግዜ ክሓጽርን።

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

---

**ማንም ቅዱስ ኣገልጋሊ ናተይ ንዝኾነ ካልእ ሰብ ብስመይ ክኹንን ኣይክእልን ኢዩ**

ሓሙስ፣ መስከረም 05, 2013 ሰዓት 14፣30

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ካብ'ቶም ብእግዚኣብሄር ዝኣምኑ ወይ ንዓይ ከም ወዲ ሰብ ዝቕበሉኒ ከመይ ውሑዳት ኢዮም ንዓይ ብሓቂ ዘፍቅሩኒ። ነፍቅሮ ኢና ይብሉ ኢዮም፣ ብዙሓት ግን ከም'ቲ ኣነ ዝምሃርኩዎ ኣይነብሩን ኢዮም። ነፍቅረካ ኢና ክትብሉን ደሓር ድማ ንኻልኦት ክትኩንኑ'ሲ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ንኻልእ ሰብ ብመረርቲ ቃላት እናሃሰኹም፣ በዚ ድማ ኔፍቅረካ ኢና ክትብሉስ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

ካብ ምንጎኹም መን'ዩ ካብ ሓጥያት ሓራ ዝኾነ? መን ካባኹም ኢዩ ኣብ ቅድሚኤይ ልዕል ዝብል'ሞ ብዛዕባ ካልእ ብጭካነ ዝዛረብ? ካልእ ሰብ እንዳካፋእኩም እንከለኹም፣ ብስመይ ንዛረብ ኣለና ክትብሉ ኣይትኽእሉን ኢኹም። እዚ ንእግዚኣብሄር ዘቐይም ኢዩ፣ እቶም ከም'ዚ ዓይነት ጠባይ ዘለኩም ድማ ተቐይሙኒ ኢኹም። እቶም ኣንጻር ሓድሕድኩም ክፉእ እትዛረቡ፣ ንዓይ ከምዝቐምኩም ክትዛረቡ እንከለኹም፣ ነብስኹም ካባይ ትፈልዩዋ ኢኹም ዘለኹም። ተግባርኩም ምኽኑይ ኢዩ ኢልኩም ድማ ትሓስቡ ኢኹም። ካብ መዓስ ኢኹም ከም'ዚ ዓይነት ባህሪ ይድግፎ ኢየ ኢልኩም ዝሓሰብኩም፣ ስለምንታይ ኢኹም'ከ ከም'ዚ ዓይነት ነገራት ክትገብሩ ስልጣን ኣለና ኢልኩም እትኣምኑ?

ንኣገልግሎተይ ተወፊኹም እንከለኹም ጨካን ቃላት ኣንጻር ደቂ እግዚኣብሄር እንተተዛሪብኩም፣ ከቢድ ሓጥያት ትፍጽሙ ኣለኹም። ማንም ቅዱስ ኣገልጋሊ ናተይ ንዝኾነ ካልእ ሰብ ብስመይ ክኹንን ኣይክእልን ኢዩ። ንኣስተምህሮታተይ ትፈልጡዎም ትኾኑ - ኩሉ ኣብ መጽሓፍ ኣቦይ ንዘሎ'ውን ትፈልጡዎ ትኾኑ፣ እንተኾነ ግዳ ንካልእ ብስመይ ከተጸልሙ እንከለኹም'ሲ፣ ክስንድወኩም'የ። ዳግማይ ሞገሰይ ንኽትረኽቡስ ብወገንኩም ብዙሕ ንስሓ ከድልየኩም'ዩ፣ ዋላ ሽው፣ ክሳብ ይቕረ ክብለልኩም እትልምኑኒ፣ ኣብ ቅድሚኤይ ንኽትቀርቡ ክትበቕዑስ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ኢዩ።

ናትኩም የሱስ

---

**ኪዳነ ምሕረት፦  ሓድሽ፣ መሪር ውግእ ዓለም ክእወጅ ኢዩ**

ዓርቢ፣ መስከረም 06, 2013 ሰዓት 18፣46

ክብርቲ ጓለይ፣ ወደይ የሱስ ክርስቶስ ብዝመርሓኒ መሰረት፣ ዝገልጾ ነገር፣ እቶም ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ሕጂ ዝውልዑ ኩናታት፣ ነቲ ዓብዪ ግጥም ቀዲሞም ዝመጽኡ ኢዮም፣ ሓደ ሓድሽ መሪር ውግእ ዓለም ክእወጅ ኢዩ'ሞ።

እዚስ ክንደይ ንቅድስቲ ልቢ እቲ ዝሳቐ ዘሎ ወደይ ከምዝሰብሮ። ኣብ ልቢ እቶም ብተራ ህዝቦም ንሃገራቶም ክመርሑ ሓላፍነት ዝተዋህቦም መራሕቲ ዝሰርጽ ዘሎ ጽልኢ ከስፋሕፍሕ ኢዩ። ንገዛእ ሃገራቶም ክጠልሙ ኢዮም። ሚልዮናት ክቕተሉ ኢዮም፣ ብዙሓት ሃገራት ድማ ክሳተፍኦ ኢየን። ክትፈልጡዎ ዝግባኣኩም፣ ወደይ ንነፍሲታት እቶም ዝቕተሉ ግን ከኣ ዝኾነ ገበን ዘይብሎም ሰባት ኬድሕነን ኢዩ።

ፍጥነት ናይ'ዞም ኩናታት ክቕልጥፍ ኢዩ፣ ኣርባዕቴኡ ክፋላት ዓለም ኣብ'ዚ ውግእ ኢዶም ከእትዉን እቲ ዓብዪ ውግእ ክእወጅን ሓደ ከኸዉን ኢዩ። እቲ ዘሕዝን፣ ንዩክለራዊ ኣጽዋራት ኣብ መዓላ ክውዕል ኢዩ፣ ብዙሓት ድማ ክሳቐዩ ኢዮም። ዜፍርሕ ውግእ ከኸዉን ኢዩ፣ እንተኾነ ብዙሕ ኣይክጸንሕን ኢዩ።

ስለ እቶም ኩሎም ንጹሃት ነፍሲታት ጸልዩ፣ ጸልዩ፣ ጸልዩን ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ግዜ ውዳሴ ማርያም ምድጋምኩም ድማ ቀጽልዎ፣ መታን ብሰንኪ 3ይ ውግእ ዓለም ዝስዕብ ስቅያት ኪቃለል።

'ዛ ጓለይ፣ ንጻውዒተይ ብምምላስኪስ ኤመስግነኪ። ኣብ ሰማያት ኣብ'ዚ እዋን ዓብዪ ሓዘን ከምዘሎ ፍለጢ፣ ብጉሁይ ልቢ ኢየ ድማ ነዚ ኣሸጋሪ ዜና ዘምጽኣልኪ ዘለኹ።

ኣዴኺ

ኪዳነ ምሕረት

**ኪዳነ ምሕረት፦ እቲ እንኮ መንገዲ ዘልኣለማዊ ሂወት ብመንገዲ ወደይ የሱስ ክርስቶስ ኢዩ**

ዓርቢ፣ መስከረም 06, 2013 ሰዓት 20፣15

'ዛ ጓለይ፣ ሓደ'ኳ ካባኻትኩም ወደይ ስለ ድሕነት ደቂ ሰብ ከምዝሞተ ፈጺምኩም ክትርስዑ የብልኩምን። ንኹለን ነፍሲታት ካብ ባርነት እቲ ኣራዊት ሓሪርወን። ንኩሉኻትኩም ህያብ ድሕነት ሂብኩም ኢዩ፣ ዘልኣለማዊ ሂወት ንኽትቅበሉ ድማ፣ ናብ ወደይ መጺኹም ነዚ ዓብዪ ህያብ ክትሓትዎ ኣለኩም።

እቲ እንኮ መንገዲ ዘልኣለማዊ ሂወት ብመንገዲ ወደይ የሱስ ክርስቶስ ኢዩ። ኣዝዩ መሓሪ ስለዝኾነ፣ ንኹሉ ናብኡ ብነጻ ድሌቱ ክመጽእ ዕድል ይፈቅድ። ንዓለም እቲ ሓቂ ሂቡዋ፣ ከምኡ'ውን ብመንገዲ ህያብ ናይ መስቀል ሞቱ፣ ንኹሉ ብዘልኣለማዊ ሰላምን ኣብ ገነቱን ዝነብረሉ መንገዲ ከፊቱ።

ብዙሓት ንወደይ ኣይቅበልዎን፣ ብእግዚኣብሄር እውን ኣይኣምኑን ኢዮም። ብእግዚኣብሄር ዘይትኣምኑ እንተ'ኼንኩም ወይ'ውን ንህያብ ድሕነት ዘይትቕበሉ እንተ'ኼንኩም፣ ሽዑ ንነብስኹም ካብ እግዚኣብሄር ፈሊኹማ ኣለኹም። ብምኽንያት እዚ ነፍሲታት ንምድሓን ዝግበር ናይ መወዳእታ ተልእኾ፣ እንኮላይ ነፍሲታት ኩሎም ሓጥኣን፣ ከምኡ'ውን እቶም ንህላዌ እግዚኣብሄር ዝኽሕዱ፣ ወደይ ሓደ ዓብዪ ተኣምር ክገብር ኢዩ። ኣብ'ቲ እዋን መጠንቐቕታ ኩሉ ሰብ ነፍሲ ከምዘለዎ መረጋገጺ ክርኢ ኢዩ፣ ብዙሓት ድማ ክኣምኑን ኢዮም። እቶም ዘይኣምኑን ንህላወ እግዚኣብሄር ምኽሓዶም ዝቕጽልዎን እቲ ህያብ ድሕነት ኣይክዋሃቦምን ኢዩ፣ ንናይ ምሕረት ኢዱ ስለዝኣብዩ። እዚኦም ነፍሲታት ኣዝዩ እምቢተኛ ብዝኾነ መንገዲ ክነጽግዎ ኢዮም፣ ስለዝኾነ ድማ እንትርፊ ጸሎታትኩም'ሲ ካልእ ከድሕኖም ኣይክእልን ኢዩ።

እቶም ናብ'ታ ሓዳስ ገነት ንኽመጹ ዝግበር ነፍሲ ወከፍ ፈተነ፣ ነፍሲ ወከፍ ጣልቃ ምእታውን፣ ነፍሲ ወከፍ ምሕረትን ዝነጽጉ፣ ክስንደዉ ኢዮም። መንግስቲ ወደይ'ሲ ናቶም ኣይክትከዉንን ኢያ፣ ምኽንያቱ እቲ ነጻ ፍቓድ ዝበሃል ህያብ ንደቂ ሰብ ዝሃበ ኣቦይ፣ ፈጺሙ ፍቓዱ ኣብ ልዕሊ ዝኾኑ ደቁ ኣይክስገድድን ኢዩ።

ንነፍሲ ወከፍ እቶም ከሓድቲ እግዚኣብሄር ወደይ ንዝዝርግሖ ናይ ምሕረት ኢዱ ክቕበሉ፣ ጸልዩ፣ጸልዩ፣ ጸልዩ። ነዞም መሳኪን ንኣሽቱ ነፍሲታት ንምድሓን'ሲ ንጸሎተ-ገድሲታት ምድጋም ኣይትረስዑ።

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

---

**እቶም ጉጅለታት ጸሎት ገድሊ ዝቐሙሉን ናብ ሙሉእ ዓለም ዝዝርጉሑሉን ግዜ ኣኺሉ ኢዩ**

ሰንበት፣ መስከረም 08, 2013 ሰዓት 21፣10

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ እቶም ጉጅለታት ጸሎት ገድሊ ዝቐሙሉን ናብ ሙሉእ ዓለም ዝዝርጉሑሉን ግዜ ኣኺሉ ኢዩ። እዞም ጸሎታት ብሓይሊ እግዚኣብሄር ዝተዋህቡ ኢዮም፣ ምስኣቶም ዝዛመዱ ዓበይቲ ተኣምራት'ውን ኣለዉ።

እዚኦም ጸሎታት፣ ምቕባል እምነት ከስፋሕፍሑ ኢዮም፣ ኣካላዊ ፍወሳ ይህቡን ጽልዋ ኲናት፣ ጥሜትን ድኽነትን ከፋኹሱ ኢዮም። ሎሚ፣ ብሰንኪ ኲናት ንዝመጽእ ሕሱም ስቅያት ኣብ ምንካይ ዝሕግዝ ሓድሽ ጸሎት እሓድገልኩም ኣለኹ።

**ጸሎት ገድሊ (120) ምስፍሕፋሕ ኲናት ደው ኣብል**

ኦ፣ የሱስ ምቁረይ፣ ነቶም ንወዲ ሰብ ዘጥፍኡ ኲናታት ኣርሕቆም።

*እቶም ንጹሃት ንኸይሳቐዩ ሓልዎም።*

*ነቶም ሓቀኛ ሰላም ከምጽኡ ዝፍትኑ ነፍሲታት ሓልዎም።*

*ብቃንዛ ናይ ኲናት ንዝተወጽዑ ልቢታቶም ክፈት።*

*ነቶም ንኣሸቱን ተነቀፍቲን ሓልዎም።*

*ብኲናት ሂወቶም ንዝበረሰ ኩሎም ነፍሲታት ኣድሕን።*

*ንኩላትና እቶም ስለ ነፍሲታት ደቂ እግዚኣብሄር ንጸሊ ኣጽንዓና፣ ክቡር የሱስ፣ ኣብ እዋን ግጭት ክመጻና ንዝኽእል ስቅያት ክንጻወሮ ዘኽእለና ጺጋ ዓድለና።*

*ውግእ ከየስፋሕፍሕ ደው ከተብሎ ንልምነካ፣ ንነፍሲታት ድማ ናብ ቅዱስ ዑቕባ ልብኻ ኣምጽኣየን።*

*ኣሜን።*

ኣቱም ኩሉኹም እትሰምዑኒ፣ ኪዱ'ሞ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ነቲ ናተይ ቃንዛ ከተሕልፉ ዘድልየኩም ጸጋታት ሕተቱኒ።

ናትኩም የሱስ

---

**ዝያዳ ብዝተጸላእኩም ቁጽሪ፣ ደቀ-መዛሙርተየ፣ ዝያዳ ድማ ብእግዚኣብሄር ትፍቀሩ**

ሰሉስ፣ መስከረም 10, 2013 ሰዓት 23፣45

ኣዚኺ ፍቐርቲ ጓለይ፣ ብዙሓት ካባኹም ንመልእኽትታተይ ክትስዕቡዎ እንከለኹም፣ በቶም ንድምጼይ ክዓብሱዎ ዝደልዩ ክተሳቐዩ ምኺንኩም ኣይትፈልጡን'ዶ ኢኹም?

እዚ ተልእኾ ብትእዛዝ ፍቑር ኣቦይ ክቕጽል እንከሎ፣ እቶም ነዚኦም ቅዱሳት መልእኽታት ዝቃወሙ ብፍላይ ድማ ኣብ ውሽጢ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ብዘለዉ፣ ነዞም መልእኽታት ምስዓብኩም ደው ከተብሉዎ ከጌድድኹም ኩሉ ዓይነት ጻዕሪ ክግበር ኢዩ። እዞም ተቓውሞታት ክበዝሑ ኢዮም፣ ንድምጺ እግዚኣብሄር ንምዕብላል ድማ ኩሉ ዓይነት ጠዋይ ስነ-ሞጎት፣ ትዕቢተኛ ዝኾነ ክሕደት እቲ ሓቂን ዝተዋቐዔ ትምህርቲ-ሃይማኖትን ክጥቀሙ ኢዮም።

ዝያዳ ብዝተጸላእኩም ቁጽሪ፣ ደቀ-መዛሙርተየ፣ ዝያዳ ድማ ብእግዚኣብሄር ትፍቀሩ ኢኹም፣ ምኽንያቱ እቶም ንዓይ ዝስዕቡን ንሂወቶም ከም'ቲ ኣስተምህሮ ናተይ ዝመርሑን ጥራይ ኢዮም ብከምዚ ኣገባብ ዝሳቐዩ። እንተተወደስኩም፣ እንተተሞገስኩምን ብዓለም ከም ህያው ቅዱስ እንተተመረጽኩም፣ ዝኾነ መንቅብ ከይተረኽበኩም ወይ ድማ ጌጋ መንገድኹም ኣብ ቃልዕ ከይተፈልጠ፣ እምበኣርከስ ንስኻትኩም ብእግዚኣብሄር ኣይተመረጽኩምን፣ ምኽንያቱ እቲ ካብ ኣገልገልቲ እግዚኣብሄር ዝጽበ ነገር ትቃረኑ ስለዘለኹም። ኣብ ቅድሚ ዓለም ገዛእ ርእስኹም በሊጽኩም ንኽትርኣዩ፣ ነቲ ሓቂ ብዘይምግላጽኩም ነቲ ሓቀይ ብምጥዋይኩምን፣ ኣነ ሓቀኛ ኣገልገልተይ ከናዲ እንከለኹ ንስኻትኩም ናብ ሓደ ሸነኽ ክትድርበዩ ኢኹም።

ሓቀኛ ኣገልገልተይ የፍቅሩኒ ኢዮም፣ ብቅዱስ መንፈሰይ ድማ ይላዓዓሉ። እቲ'ኳ ምሳይ ብምስቓዮም ኣብ ኣዒንቶም ዝርኤ ጓሂኦም፣ በቶም ባዕላቶም ህያብ መንፈስ ቅዱስ ዝተዋህቡ ብንጹር ክርኤ ይካኣል ኢዩ። እዚኤን ንጹሃት ነፍሲታት ንኻልኦት ፈጺመን ኣይኩንናን ኢየን፣ ወይ ንቃል እግዚኣብሄር ክዓግታ ኣይፍትናን ኢየን፣ ነዚ ክገብራ ዝኽእላ ኣይኮናን እሞ። ኣብ'ዚ እዋን ኣበርቲዕኩም ክትጽልዩ ኣለኩም - ኩሉኹም - ምኽንያቱ እዞም ቅዱሳት ኣገልገልተይ ብሰንከይ ይጥቅዑ ኣለዉ እሞ። ምስኦም'የ ደው ዝብል፣ እንተኾነ ብዙሓት ብሰንኪ እቶም ብሕጂ ዝመጹ ናይ ሓሶት ሰረተ-እምነት ንመጓሰኦም ክምህሩ ኣብ ዝግደዱሉ፣ ትም ኢሎም ክጸንሑ ብዝግበረሎም ጸቕጢ ክወድቁን ፋሕ ክብሉን ኢዮም።

ናትኩም የሱስ

**ኪዳነ ምሕረት፦ ነቲ ሓድሽ ትርጉም ካቶሊካዊነት ብዘይምፍላጥኩም ክትቆናጸቡ ኢኹም**

**ረቡዕ፣ መስከረም 11, 2013 ሰዓት 16፣30**

'ዛ ጓለይ፣ ኣብ'ዚ ምስጓግ ኩሎም ደቂ እግዚኣብሄር ዝበዝሓሉ ዘሎ እዋን ዓብዪ ጓሂ፣ ልበይ ምስ ልቢ ፍቑር ወደይ የሱስ ክርስቶስ ተጠናኒጋ ኣላ።

ነፍሲ ወከፍ ኣብ ዓለም ዘሎ ሰብ፣ ብፍላይ ድማ እቶም ገንዘብ፣ ጽልዋ ኮነ ትሕዝቶ ዘይብሎም ብሰንኪ ስስዔ እቶም ንብዙሓት ሃገራት ዝቆጻጸሩወን ሰባት ክሳቐዩ ኢዮም። ወደይ ንወዲ ሰብ ኣብ ናይ ምድሓን ኪዳኑ ናይ መወዳእታ ክፋል መታን ክዕወት ኣነ ዝገብሮ ስራሕ ብብዙሕ መንገዲታት ክርኤ ጀሚሩ ኣሎ። ነቶም ኣብ ሂወቶም ብሰንኪ ዘሎ ስቅያት ብሓዘን ተረቢሾም ዘለዉ፣ ብሓይሊ እግዚኣብሄር፣ ናብ ዑቕባ ሓለዋ ወደይ ክመርሖም ኢየ። እቶም ንከም'ዚ ዝኣመሰለ ድኽነት፣ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ጥሜት፣ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ስቅያት፣ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ፍትሒ ምጉዳል - ዝኾነ ይኹን - ከሕልፉ ዘለዎም 'ሲ ኣነ ክጽልየልኩም እንተሓቲትኩምኒ ክትደዓዓሱ ኢኹም።

እቶም ብምኽንያት ናይ የሱስ ክርስቶስ፣ መድሓኒ ደቂ ሰብ፣ ምስክርነትኩም ክትሳቐዩ ዘለኩም፣ ሓገዘይ ክትሓቱኒ እንከለኹም ዘድልየኩም ተወሳኺ ጽንዓት ኣብ'ዚ እዋን ክዋሃበኩም ኢዩ። ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ወደይ እቲ ዝዓበየ በደል ክርኤ ኢዩ፣ እዚ ድማ ክልቲኦም፣ ማለት ተራ ምእመናንን ቅዱሳት ኣገልገልቲን ብሓደ፣ ንኣስተምህሮ የሱስ ክርስቶስ ምእዙዛት ኣይኮኑን ተባሂሎም ኣብ ዝኽሰሱሉ እዋን ኢዩ።

ንዝተቐየረ ስርዓተ ኣምልኾ እግዚኣብሄር ዘለኩም ተኣማንነት መታን ክትእውጁ ቃል-ማሕላ - ከም'ቲ ማሕላ እምነተ-ሃዋርያት ዝድገሞ - እተዉ ተባሂልኩም ክትሕተቱ ኢኹም። ብመንገዲ እዚ ኣብ'ቲ ኣዝዩ ዝተቐደሰ መጽሓፍ ኣፍልጦ ዘይዋሃቦ ቃል-ማሕላ ብምምሓልኩም፣ ንነፍሲኹም ኣብ ዝዓበየ ሓደጋ ከተእትዉዋ ኢኹም። እቲ ስርዓተ-ኣምልኾ ክቕየርን ሓድሽቲ ተወሰኽቲ ስርዓታትውን ክግለጹ ኢዮም፣ ከምኡ'ውን ካልኦት ንነዊሕ ዓመታት ዝተደገሙ ክፋላት ስርዓተ-ኣምልኾ ኣይክግለጹን ኢዮም። እዚ እከይ ውጥን ምኽኑይ ክሽውን ኢዩ፣ ምኽንያቱ ምስ ወደይ ዝምድና ኣለዎም ንዝባሃሉ ኩሎም ባህርያት ክለብስ ኢዩ፣ ከምኡ ድማ ነቶም ከምኡ ዓይነት ለውጥታት ምኽንያቱ እዚኣቶም ኢዮም ክብሉ ኢዮም።

በዚ ምኽንያት ኢዩ እቶም ንወደይ እሙናት ዝኾንኩም ነዚ ብዕምቆት ዝርብሽ ኮይኑ ክትረኽቡዎ ኢኹም፣ ነፍሲታትኩም'ውን ብዙሕ ክሳቐያ ኢየን። ንወደይ ዘለኩም ኣምልኾ ኣብ እትቕጽሉሉ ግዜ፣ ነቲ ሓድሽ ትርጉም ካቶሊካውነትን ክርስትናን ኣይንፈልጠን ብምባልኩም ክናሸዉኹም ኢዮም። ኣብ'ዞም ፈተንቲ እዋናት ትብዓት ፈጺምኩም ኬተጥፍኡ የብልኩምን፣ ምኽንያቱ፣ ክቡራት ደቀየ፣ ንስኻትኩም ብእግዚኣብሄር ሞገስ ረኺብኩም ኢኹም እሞ፣ ንሱ ድማ ክሳብ'ታ መወዳእታ ምሳኹም ክጸንሕ ኢዩ።

ካብ'ቲ ሓቂ ፈጺምኩም ገጽኩም ከይትጠውዩ። ካብ እግዚኣብሄር ንዘይመጸ ዝኾነ ነገር ከይትኣምኑ።

ፍቕርቲ ኣዴኹም
ኪዳነ ምሕረት

**እቶም ኣብ ምንንኹም ብብዙሕ እትሳቐዩን ኣብ ሂወት ዘሎ ኩሉ ተስፋ ዝቐበጽኩምን፣ ኣብ ልበይ ከምዘለኹም ፍለጡ**

ዓርቢ፣ መስከረም 13, 2013 ሰዓት 23፣15

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ልበይ'ሲ ንዓለምን ኣብ ውሽጣ ዘሎ ኩሉ ሰብን ይናፍቕ፣ ከምኡ'ውን ንኩሉኹም ደቂ እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጢ ልበይ ኬሕብረኩም ኩሉ ነገር ከምዝገብር ቃል እኣትወልኪ ኣለኹ።

ንነፍሲ ወከፍ ሰብኣይ፣ ሰበይቲን ህጻንን ኤፍቅር፣ ዝኾኑ ይኹን ብዘየገድስ - ሓያል፣ ሃብታም፣ ሰብ ጽልዋ፣ ትሑት፣ ድኻ ወይ'ውን ተራ ሂወት ዝነብሩ ተራ ሰባት ይኹኑ ወይ ኣይኹኑ። ኩሉኹም ካብ'ቲ ዝፈጠረኩም ኣቦይ ክትውለዱ ተመሪጽኩም። ነፍሲ ወከፍ ነፍሲ ዕላማ ኣለዋ፣ ከምኡ'ውን ነፍሲ ወከፍኩም ፍቑራት ደቂ እግዚኣብሄር ኢኹም።

ነቶም ካብ ምንንኹም ብብዙሕ እትሳቐዩን ኣብ ሂወት ዘሎ ኩሉ ተስፋ ዝቐበጽኩምን፣ ኣብ ልበይ ከምዘለኹምን ስቓይኩም ድማ ብዕምቆት ከምዝስማዓኒን ፍለጡ። ኣብ ውሽጥኹም ኮይነ እሳቐ ኢየ። ተስፋ ክትቀርጹ የብልኩምን፣ ምኽንያቱ ኣብ ገነተይ ንዓኹም ዝኸዉን ቦታ ኣለኒ።  ተስፋ ኣብ እትቕርጹሉ ግዜ፣ ነቲ ብብርሃነይ ዝተመልኤ መጻኢኹም ሕቕኹም ትህቡዎ ኣለኹም ማለት ኢዩ። እዚ መጻኢ ግዜ ህያብ ናተይ ንዓኹም ኢዩ፣ ኩሉ ድማ ናተይ ኢዩ። ንጭንቀትኩም ካባኹም ክወስዶ ኢየ። ጥራይ ናባይ ጸውዑ እሞ ከም'ዚ በሉ፣ "የሱስ፣ ነዚ ሕሱም ቃንዛየይን ስቓየይን ካባይ ውሰዶ እሞ፣ ፍቕርኻ ከም ዝስማዓኒ ግበር።" ኣነ ድማ ነቲ ከቢድ ጾርኩም ብቕጽበት ከልዕለልኩም ኢየ።

ባዶነት ክስማዓኩም እንከሎን ማንም ሰብ ብሓቂ ኣየፍቅረኒን ኢዩ ኢልኩም ኣብ እትኣምኑሉን፣ ኣነ ኣብ ጥቓኹም ከም ዘለኹ ክትፈልጡ ኣለኩም፣ ምኽንያቱ ኣነ ኩል ግዜ ኤፍቅረኩም ኢየ፣ ክሳብ ክንደይ መንገድኹም ስሒትኩም ኣለኹም ብዘየገድስ። ንምንባርኩም ዝኾነ ምኽንያት የብልናን ኢልኩም ኣብ እትኣምኑሉ ግዜ፣ ሽዑ እታ ሓዳስ ገነተይ ዘልኣለማዊ ሂወት ክትህበኩም ምዃና ፍለጡ። እንተኾነ ግዳ ኣብ'ዛ ሂወት እዚኣ ንዘለኩም ስቅያት መጀመርያ ክትጸወሩ ኣለኩም። እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ፣ ንስቓይኩም ከፋኹሶ ኢየ፣ ክትገብርዎ ዘለኩም'ሲ ከፋኹሰልኩም ክትሓቱኒ ጥራይ ኢዩ።

ብዙሓት ካባኻትኩም ዋጋ ከምዘይብልኩም፣ ከምዘይትፍቀሩ፣ ዘይዕዉታት፣ ምሉእነት ዘይብልኩምን ብዙሕ ጥቕሚ ዘይብልኩምን ከምዝኾንኩም ይስማዓኩም። ከም'ዚ ዝስማዓኩም ምኽንያት ዓለም በቲ ዓወትን ህርፋንን ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሓሳባት ተንቢኣ ስለዘላ ኢዩ። እቶም ውሑዳትን ሕሩያትን ዝኾኑ ጥራይ ነዚ ዝላዓለ ጥርዚ ዝበጽሑዎ መሲሉ ይርኤ። ብናይ ዓለም መራኸቢ ብዙሓን ዝፍጠር ንሃብቲን መልክዕን ዘኽብር ጸቕጢ ዘምጽኦ ነገር እንተሃለወ፣ ንምትእምማን እቲ ተራ ሰብ ምድምሳስ ኢዩ። ንኻልኦት ምምሳጥ ኣድላዪ ኣይኮነን። ንዓይ በቲ ዓወት ኢልኩም እትጽውዕዎ ክትምስጡኒ ኣድላዪ ወይ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ኣበርቲዕኩም ስርሑ፣ ብዝካኣለኩም። ብእግዚኣብሄር ንዝተዋህቡኹም ክእለታት ተጠቐሙሎም፣ እንተኾነ ግዳ ንኻልኦት ንምግልጋልን ንጽቡቕ ኩሉን ተጠቐሙሎም። ነዚ ግን ፍለጡ። ነቶም ድኹማን፣ ብመንፈሶም ትሑት ዝብሉን

ንዓይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ሓቀኛ ፍቕሪ ንዘለዎም ኢየ ኣብ መንግስተይ ናብ ዝለዓለ ክብሪ ሓፍ ዘብሎም። እቶም ሕጂ ዝሳቐዩ፣ ኣብ'ታ ሓዳስ ገነተይ ፈጺሞም ደጊሞም ኣይክሳቐዩን ኢዮም።

እቲ ንኩሉኹም መጺኤ ክእክበኩም ዝኣተኹዎ መብጽዓ ኣብ'ቲ እዋን ዳግማይ ምጽኣተይ ክፍጸም ኢዩ። ነዚኣ መዓልቲ ብናፍቖትን ፍስሃን ኣማዕድዉዋ፣ ብዙሕ ርሕቕቲ ኣይኮነትን'ሞ፣ ሽዑ ድማ ህያባት ፍቕሪ፣ ፍስሃ፣ ሓጎስን ዘልኣለማዊ ሂወትን ከምጽኣልኩም ኢየ። ተጸመሙን ናባይ ቕረቡን። ኣነ ምሳኹም ኣለኹ። ፈጺመ ኣይክሓድገኩምን ኢየ፣ ግን ነብስኹም ካባይ ክትፈልዩዋ የብልኩምን፣ ምኽንያቱ ከምኡ እንተጌርኩም፣ ካባይ ክትጠፍኡ ኢኹም። ንዑ፣ ኣራእስኩም ኣብ መንኩበይ ኣምብሩ። ኬጸናናዓኩም ፍቓዱለይ። ንጓሂኹም መወዳእታ ክገብረሉ ፍቓዱለይ። ንብዓትኩም ክደርዘልኩም ፍቓዱለይ። ሰላመይ ክህበኩም ፍቓዱለይ።

ሕጂ ፍሉይ ቡራኬ እህበኩም ኣለኹ። ውሰዱዎ። ንኢደይ ተቐበሉ እሞ፣ ኩሉ ሰናይ ክኸዉን ኢዩ። ኤፍቅረኩም ኢየ።

ናትኩም የሱስ

---

**ሰረተ-እምነት ደልሃመት - እቲ ካብ ሸምጢ ቤተ ክርስቲያንይ ዝብገስ ዓቢ ክሕደተ-እምነት - ከም ሓደ ዓብዪ ጽዑቕ ግመ ክወርድ ኢዩ**

ቀዳም፣ መስከረም 14, 2013 ሰዓት 03፤00

ብዕዙዝ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ **ኣነ፣ ኣብ ሞንጎ እቶም ክሕደተ-እምነት ዘስፍሑን ኣብ ኣርባዕቲኡ ኩርናዓት ዓለም ኳይኖም ዝመርሑን መራሕቲ ደሃየይ ክስማዕ ዝፍትን ዘለኹ፣ ኣብ ሞንጎኹም ዘለኹ ድምጺ ኢየ።**

እቲ ሰረተ-እምነት ደልሃመት - እቲ ካብ ሸምጢ ቤተ ክርስቲያንይ ዝብገስ ዓቢ ክሕደተ-እምነት - ከም ሓደ ዓብዪ ጽዑቕ ግመ ኣብ ልዕሊ እቶም ዘይጥርጥሩ ክርስቲያናት ኣብ ኣዝዩ ቀረባ ግዜ ክወርድ ኢዩ። ነቲ ሓቂ ንምዕባስ ዝግበር ውጥን ተጀሚሩ ኣሎ፣ ኣብ ቀረባ ግዜ ድማ፣ ጠዋይ ትርጉማት ቅዱስ ሰረተ-እምነተይ ንብዙሓት ካባኻትኩም ንጹር ክኾኑ ኢዮም። እንተኾነ ግዳ፣ ንሓሶታት በቲ ሓቂ ክቕይርዎም እንከለዉ፣ እቲ ቅዱስ መንፈስ ኣንጻር ጸላእተይ ክላዓል ኢዩ። ኣብ ሞንጎ እዚ ኩሉ በቶም መራሕቲ እቲ ኣብ ዘመናት ዝዓበየ ክሕደተ-እምነት ኣብ ልዕሊ ዓለም ዘምጽእዎ ምድንጋር ግዳ፣ ብርሃነይ ምርኣዩ ክቕጽል ኢዩ። ክሳብ ዓለም ኣምላኺት ጣኦት፣ ንዓይ ንየሱስ ክርስቶስ ፍቕሪ ዘይብላ፣ እትክኸዉን ድማ ኣይከዕርፉን ኢዮም።

**እዛ ምድራዊት ዓለም እታ ቅንዕቲ ኳይና ክትሕሰብ ኢያ፣ እታ ነፍሲ ወከፍ ሰብኣይ ህርፋኑን ባህጉን ክስዕቡ ዝተባብዑላ ቦታ። ንህላወ መንፈስ ቅዱስ ንምጽያቕ ኩሉ ዓይነት ፈተነ ክግበር ኢዩ። ንስቅያተ-መስቀለይ ክኽሕድዎ ኢዮም፣ ከምኡ’ውን ድሕነት ክትረክብ ከም ዘድሊ ኣገዳስነቱ ክኽሕድዎ ኢዮም፣ ዋላ’ኳ ንዝኾነ ንድሕነት ነብሱ ናባይ ዝመልስን ከምኡ’ውን ንምሕረተይ ዝሓትት ዝዋሃብ ይኹን።** ንደቂ እግዚኣብሄር፣ ብዛዕባይን ብዛዕባ ኣስተምህሮታተይን ብሓይሊ ሓሶት ክምግብዎም ጥራይ ዘይኮነ፣ ነዞም ሓሶታት ብዝምልከት ዝኾነ ሕቶታት ንዘልዕሉ ከሳጉጉዎም ኢዮም።

**እቶም ንመራሒ ቤተ ክርስቲያንይ ካብ ውሽጢ ኮይኖም ዝቃረንዎ፣ ብጭካነ ክገጥሙዎም ኢዮም፣ ቅንጣብ ምሕረት ትበሃል ድማ ኣይክርኣይን ኢዩ።** እቶም ናይ ሓሶት ሰረተ-እምነት ካብ’ቶም ንቤተ ክርስቲያንይ ንውክል ኢና ዝብሉ እትቕበሉን፣ ብውሽጢ ልብኹም ድማ ካባይ ክመጹ ከምዘይክእሉ ትፈልጡ እንተኼንኩም፣ ሽዑ ኣነ ክሕግዘኩም ኢየ። ክመርሓኩም እንከለኹ ኬደዓዕሰኩም ኢየ። ፈጺምኩም ነቲ ሓቂ ክትክሕዱዎ የብልኩምን ወይ’ውን ነቶም ህርፋን ስልጣን ዘለዎም ተሳዒርኩምሎም ማለት’ሲ ብስመይ ክሕስዉ ኢዮም ማለት ኢዩ፣ ምስ ጸላእተይ ተሰማሚዖም እንተጸኒሖም ማለት ኢዩ። እምነትኩም ብሓቂ ክፍተን ኢዩ።

ኣነ ሕጂ ነቲ ሓቂ ከምጽኣልኩም እመጽእ ኣለኹ፣ ምኽንያቱ ድማ እቲ ሓቂ ክንፈገኩም ስለዝኾነ ጥራይ ኢዩ። እዚ ክኸዉን እንከሎ፣ ነቲ ሓቂ ንካልኦት ብዘይ ብእኡ ክነብሩ ዘይክእሉ ክትገልጽዎ ኣይክፍቀደልኩምን ኢዩ።

ንምሕረት ገዛእ ነፍሲታትኩም፣ ከምኡ’ውን ንነፍሲታት እቶም ብጸላእተይ ናብ ከቢድ ጌጋ ዝምርሑ ነፍሲታትን ጸልዩ።
ናትኩም የሱስ

**ኪዳነ ምሕረት፡- እዞም ሜዳልያታት ንኩለን እተን ንምሕረት ወደይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ክፉታት ዝኾነ ነፍሲታት ኬእምናኦም ኢየን**

ቀዳም፣ መስከረም 14, 2013 ሰዓት 16፣10

አ 'ዛ ጓለይ፣ ከም'ቲ ካብ'ታ ንጵብቕቲ ገጹ ዝርኣኹላ ህሞት ጀሚረ ንወደይ ዘፍቀርኩዎ፣ ከምኡ ድማ ንኹሎም ደቂ እግዚኣብሄር ከም ገዛእ ደቀይ ጌረ ኢየ ዘፍቅሮም።

ኣነ ኣደ እግዚኣብሄር ኢየ፣ እንተኾነ ግዳ ኣነ ኣደ ኩሎም ደቂ እግዚኣብሄር እውን ኢየ፣ ከም'ቲ ኣብ መወዳእታ ህሞት ድሕነቶም ክሕግዞም ቃል ዝኣተኹዎ። ወደይ፣ ኣብ ሰማያት ኣብ ዝተገብረ ምድፋእ ዘውዲ፣ ኣኽሊል ክደፍኣለይ እንከሎ፣ ናይ'ቶም ዓሰርተው ክልተ ነገዳት - እቶም ኣብ ሓዳስ የሩሳሌም ዝህልዉ ዓሰርተው ክልተ ህዝብታት - ኣደ ክኸዉን ስልጣን ሂቡኒ ኢዩ። እታ መዓልቲ ቅድሚ ምውዳኣ፣ ኣነ፣ ኪዳነ ምሕረት፣ ኣብ ኩሉ ዘለዉ ነፍሲታት ከናድዮምን ናብ ወደይ ክስሕቦምን ኢየ። ኣብ'ዚ ከቢድ ዕማም ይሕግዞ ኢየ፣ ከም'ቲ ልቢ ናተይ ኣብ ልቢ ናቱ ተጠናኒጋቶ ዘላ፣ ከምኡ ድማ ልበይ ኣብ ውሽጢ ልቢታት እቶም ብሓቂ ንወደይ ዘፍቅርዎ ተጠናኒጋ ኣላ።

ከም ኣዴኹም፣ ንኩሎም ደቂ እግዚኣብሄር ኤፍቅሮም ኢየ። ከም ዝኾነት ኣደ ንንኣሽቱ ውሉዳ ዝስምዓ ፍቕሪ ከምኡ ዓይነት ፍቕሪ ንነፍሲ ወከፍኩም ኣለኒ። ንደቂ እግዚኣብሄር ልክዕ ከም'ዚ ንኣሽቱ ህጻናት ዝኾኑ ጌረ ኢየ ዝርእዮም። ቃንዛኦም ይስማዓኒ ኢዩ። ወደይ ኑቶም ንዕኦም ዘለዎ ፍቕሪ ዝነጽጉ ሓጥኣን ክርኢ እንከሎ ኣነ ምስኡ እሳቐ። ንሱ ከመይ ስሌኦም ከም ዝቕንዞን ኣነ ድማ ብሰንኪ ምስፍሕፋሕ ሓጥያት፣ ሰብ ከመይ ርጉም እንዳኾነ ይኸይድ ከምዘሎ ክዕዘብ ከለኹ ሕጂ ክንደይ ይበኪ ከምዘለኹ። ዛጊት፣ ኣብ ዓለም ብዙሕ ፍቕሪ ብሂወት ኣሎ። እዚ ፍቕሪ፣ ንጹህ ክኸዉን ከሎ፣ ነቲ ደልሃመት ክጸወርን፣ ከም ፋና፣ ንነፍሲታት ናብኡ ገጹ ክስሕበንን ኢዩ። ንደቂ ሰብ ንምንቃሕ በዚ መንገዲ ኢዩ እግዚኣብሄር ክሰርሕ። ናይ'ቶም ዘፍቅርዎ ፍቕሪ ተጠቒሙ ኑቶም ዝተረፉ ካልኦት ነፍሲታት መምጽኢ ክጥቀመሉ ኢዩ።

ግዴታይ'ሲ ብዝተኻእለ መጠን ንብዙሓት ነፍሲታት ነፍሳቶም ከድሕኑ ዕድል ንምሃብ ኢዩ። ነዚ ብመንገዲ ትርኢተይ፣ እቶም ኣነ ክኽሰት እንከለኹ ዝራኣዮም፣ ኢየ ዝገብሮ፣ እዚ ድማ ንእምነት ኣብ ኩሉ ዘለዉ ሓጥኣን ንምብርባር ኢየ ዝገብሮ። ሕጂ ነዚ ዝገብሮ ብመንገዲ መዳልያ ድሕነት ኢዩ። 'ዛ ጓለይ፣ ከም'ቲ ዝበልኩዎ፣ እዚ መዳልያ ብመንገድኺ ንዓለም ክቕረብ ኣለዎ፣ ብመሰረት ኣነ ዝሃብኩኺ መምርሒታት ጌርኪ። እዞም መምርሒታት ንስኺ ከምትፈልጥዮም ጥራይ ኢዩ ዝግበር ዘሎ። እዞም መዳልያታት ንኹሎም ንምሕረት ወደይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ክፉታት ዝኾኑ ነፍሲታት ክቕይርኦም (ኣመንቲ ክገብርኦም) ኢየን። እዚ ድማ ድሕነት ሚልዮናት ኬምጽእ ኢዩ።

የቐንየለይ፣ ደቀየ፣ ልብታትኩም ንዓይ ነዴኹም ስለዝኸፈትኩም፣ ከምኡ'ውን ምእዙዝነትኩም ንፍቑር ወደይ ንየሱስ ክርስቶስ፣ መድሓኒ ደቂ ሰብ ስለዘርኣኹም።

ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**ንዓለም ኬድሕና ዘለኒ ውጥናት ናብ ፍረ ይመጹ ኣለዉ። ሕጂ ኩሉ ቦትኡ ሒዙ ኣሎ**

ሰንበት፣ መስከረም 15, 2013 ሰዓት 23፣50

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ንዓለም ኬድሕና ዘለኒ ውጥናት ናብ ፍረ ይመጹ ኣለዉ። ሕጂ ኩሉ ቦትኡ ሒዙ ኣሎ። ሰራዊተይ ተመስሪቱ ኣሎ። ሕጂ ክዓብዩን ኣብ ኩሉ ከስፋሕፍሑን ኢዮም፣ ምስኦም ነቶም ዝናፍቖን ብዙሓት ነፍሲታት ክማልኡወን ኢዮም። እዚ ሰራዊት ብዙሕ ጸጋታት ብኣይ ተዋሂቡ ኢዩ፣ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ንሃልሃልታ ክርስትና ብውልዕታ ከምእትጸንሕ ክገብሩ ኢዮም፣ ነታ ሽግ ሓቂ ድማ ክሳብ እታ መወዳእታ ዕለት ክጸሩዋ ኢዮም። ክሕደተ-እምነት ነታ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ክውሕጣ እንከሎ፣ ብርሃን እግዚኣብሄር ናብ'ቲ ዝጸልመተ ኩርናዕ ከምጽኡ ኢዮም፣ ከምኡ'ውን ኣዒንቲ ሚልዮናት ነቲ ሓቀኛ ቃል እግዚኣብሄር ክኸፍቱ ኢዮም። ተኣማንነቶም ንዓይ ሙብጽዓ ክኣትዉ መታን ክሕግዞም ነዚ ጸሎት ገድሊ እህቦም ኣለኹ።

**ጸሎት ገድሊ (121) ተኣማንነት ንሰራዊት የሱስ ክርስቶስ**

*ክቡር የሱስ፣ ንቅድስቲ ልብኻ ሓቢርና ክንቀዉም ኢና።*

*ነቲ ሓቀኛ ቃል እግዚኣብሄር ብስልጣን ክንዛረቦ ኢና።*

ነቲ ሓቂ ከነባጽሕ ክሳብ መወዳእታ ዓለም ክንጓዓዝ ኢና።

*ብዘይካ እቲ ንስኻ ባዕልኻ ዝምሃርካና፣ ንዝኾነ ብስምካ ዝመጽእ ሓድሽ ናይ ሓሶት ሰረተ-እምነት ፈጺምና ኣይክንቅበልን ኢና።*

*ኣብ እምነትና ሓቀኛ፣ እሙናትን፣ ጽኑዓትን ክንከውን ኢና።*

*ናባኻ ክምለሱ ብዘሎ ተስፋ ነቶም ንዓኻ ዝጠልሙ ብፍቕሪን ምድንጋጽን ክንሕዞም ኢና።*

*ምስ'ቶም ብስምካ ዘሳጉጉና፣ ተረርቲ ግን ድማ ዓቃላት ክንከዉን ኢና።*

*ናብ'ታ ሓዳስ ገነትካ ኣብ ዝወስድ መንገዲ ብዓወት ክንስጉም ኢና።*

*ቃል ንኣትወልካ፣ ብመንገዲ ቃንዛናን ስቅያትናን፣ ንኩሎም እቶም ፍቕርኻ ዝጠመዩ ዝጠፍኡ ነፍሲታት ናባኻ ከነምጽኦም ኢና።*

*በኘኻ ስለ ኩሎም ኣብ ዓለም ዘለዉ ሓጥኣን እንገብሮ ጸሎት ተቐበለና፣ መታን ሓደ ስድራ ቤት ክንከውንን፣ ኣብ'ዚ ሓድሽ መዋእል ሰላም ንዓኻ ብፍቕሪ ሕቡራት ክንከዉንን። ኣሜን።*

ኪዱ፣ ኣቱም ኣብ ምድሪ ዝተረፍኩም ሰራዊተይ፣ ኣብ'ዚ ናይ መወዳእታ ቅዱስ ተልእኾ ኣብ ምድሪ ዘድልየኩም ኩሉ ረድኤትን ጸጋታትን ከም ዝዋሃበኩም እናፈለጥኩም፣ መታን ንኩሎም ደቂ እግዚኣብሄር ካብ ምድሪ ገጽ ኣኪብ ናብ ሓዳስ ገነተይ ከምጽኦም።

ናትኩም የሱስ

**እግዚኣብሄር ኣቦ፦ ነቶም ብዘይ ዝኾነ በደል ናትኩም፣ ካብ ኣረሜን ስድራቤታት ዝተወለድኩም፣ ምሕረት ክዕድለኩም ኢየ**

ሶኒ፣ መስከረም 16, 2013 ሰዓት 16፣20

ኣዚኺ ክብርቲ ጓለይ፣ እቲ ዝበዝሐ ቁጽሪ ወዲ ሰብ፣ ህላወይ ኣይስምዖን ኢዩ። ብዙሓት ብዛዕባይ፣ ኣቦኦም፣ ፈጣሪኦም፣ ሒደት ኢዮም ዝፈልጡ። እቶም ቅዱሳን ኣገልገልተይ፣ እንኮላይ ኩሎም እቶም ብኣይ በቲ ፈጣሪ ኩሉ ዝኾነ ነገር ዝኣምኑ፣ ንደቂ ሰብ መንገዶም ጌጋ ምዃኑ እንተዘይኣሚኖም ንዝገጥሞም መቕጻዕቲ ኣየዳለዉዎምን።

**እቲ 'ኩሉ ሰናይ ክኸዉን ኢዩ' ንዝብል ሓሳብ ክትኣምን ምድላይ ማለት'ሲ ብዙሓት ካብ ደቀይ ንህላወ ሲኦል ኣይኣምኑን ኢዮም ማለት ኢዩ። እዚ እቶም ንምሕረተይን፣ ነፍሲታት ኬድሕን ጣልቃ ንምእታወይን ዝነጽጉ ዝኸዱሉ ቦታ ኢዩ። ቀታሊ ሓጢያት፣ ብመንገዲ ዕርቂ እንተዘይደምሲሱ፣ ንነፍሲታት ናብ ማዕሙቑ ገሃነም ክመርሔን ኢዩ።** እቶም ብቐታሊ ሓጥያት ዘይሕተቱ፣ እንተኾነ ግዳ ብኣይ ዘይኣምኑ፣ ኣብ ክንድኡ ግን ብናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ኣብ ኣእምሮታቶም ንዝተፈጥረን ዝተኣልመን ህላዌ ዝኣምኑ፣ ብዙሕ ክፈርሕዎ ዝግባእ ኣሎ።

ንዓይ ንፈጣሪኹም ንጸጉኒ'ሞ፣ ነብስኹም ኣንጻረይ ክትሰርዑዋ ኢኹም። ነብስኹም ክትቖርጹዋ ኢኹም። ብዙሓት ካባኻትኩም፣ እቲ ሓቂ መለኮትነተይ ምስተገልጸልኩም፣ ብብርቱዕ ክትቃወሙኒ ኢኹም፣ ዝኾነ ኣነ ዝገብሮ ድማ ካብ ገሃነመ እሳት ኣይከድሕነኩምን ኢዩ። ነፍሲ ወከፍ መለኮታዊ ሓይሊ ክጥቀም ይኽእል ኢየ፣ እንተኾነ ፈጺመ ንምሕረተይ ክትቅበሉ ኬገድደኩም ኣይክእልን ኢየ። ዋላ ሓደ ኣይክሕግዘኩምን ኢዩ፣ ብዘይካ ጸሎታት እቶም ሕሩያት ነፍሲታት። እዚ ማለት ድማ ፈጺምኩም ገጸይ ኣይክትርእዩን ኢኹም። **ዝኾነ ንህላዌ ናተይ እንተዘይተቐበልኩም ኣየገድስን ኢዩ ዝብለኩም ይሕሱ ኢዩ ዘሎ።** እቶም ንዓይ ዝቕበሉ ጥራይ፣ ከምኡ ድማ ብመንገዲ ምሕረት እቲ እንኮ ወደይ፣ ኢዮም ናብ መንግስተይ ክኣትዉ ዝኽእሉ። ሰብ ርህሩሃትን ፈቃራትን ነፍሲ ኴንኩም ክንስኹም ንዓይ ትነጽጉኒ እንተ ኼንኩም - ዋላ እቲ ሓቂ ተገሊጽልኩም እንከሎ - ንስኻትኩም'ውን ካባይ ኣርሒቕኩም ክትስንደዉ ኢኹም። ዘልኣለማዊ ሂወት ዝበሃል ንዓኹም ኣይክህሉን ኢዩ።

ህያብ ንጽህና ንኩሉኹም ሕጂ እህበኩም ኣለኹ፣ ብፍላይ ግን ነቶም ከሓድቲ ህላዌ እግዚኣብሄርን ኣረሜንን። እዚ ምንጻህ እዚ ቃንዛ ኣለዎ፣ ግዳ ንብዙሓት'ሲ ኣዒንቶም ነቲ ሓቂ ክኸፍተሎም ኢዩ። **ነቶም ብዘይ ዝኾነ በደል ናትኩም፣ ካብ ኣረሜን ስድራቤታት ዝተወለድኩም፣ ምሕረት ክዕድለኩም ኢየ። ግን እቶም ወንጌላት ተዋሂብኩምን ህላዌ ስሉስ እግዚኣብሄር እትፈልጡ ክንስኹም ሕጂ ትነጽጉኒ ዘለኹም፣ ንዓኹም ብዙሕ ተስፋ የለን፣ ክሳብ ተመሊስኩም ንሓጥያታትኩም ዘየዔረኹም። ሽዑ ስለ ድሕነት ነፍሲኹም ክትልምኑ ኣለኩም።**

ኣቦኹም

ልዑል እግዚኣብሄር

**ኣብ ዳግማይ ምጽኣተይ፣ ነፍሲ ወከፍ ሽዑ ኣብ ምድሪ ብሂወቱ ዝጸንሔ ሰብ ብመሰረት እቲ ስለ ክብሪ እግዚኣብሄር ዝፈጸሞ ስራሕ ክፈርዶ ኢየ**

ረቡዕ፣ መስከረም 18, 2013 ሰዓት 17፣08

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ንህሉዊን ምዉትን ክፈርድ ዳግማይ ክመጽእ ኢየ ምባለይ፣ ከም'ታ ዝበልኩዋ ማለተይ ኢዩ። እቲ ቀዳማይ ፍርዲ ክፍጸም ኣለዎ'ሞ በዚ ድማ፣ ኣብ ዳግማይ ምጽኣተይ፣ ነፍሲ ወከፍ ሽዑ ኣብ ምድሪ ብሂወቱ ዝጸንሔ ሰብ ብመሰረት እቲ ስለ ክብሪ እግዚኣብሄር ዝፈጸሞዎ ስራሕ ክፈርዶም ኢየ ማለተይ ኢዩ። ፍርደይ ተሪር ክኸዉን ኢዩ፣ ምኽንያቱ ኣብ'ቲ ግዜ'ሲ ምሕረተይ ድሮ ኣብ ልዕሊ መሬት ፈሲሱ ስለዝጸንሔ።

እቶም ካብ ሞንጎኹም ክሳብ መወዳእታኡ ብኣብያኹም እትጸንዑ፣ ንዓይ ብምንጻግ ማለትዩ - ዋላ እቲ ሓቂ ተገሊጽልኩም እንከሎ - ካባይ ኣርሒቕኹም ክትስንደዉ ኢኹም። ንምሕረተይ ፈጺምኩም ኣይክትቕበሉን ኢኹም - ኣነ ክሳብ ከመይ ስለ ድሕነትኩም ይጣርዓልኩም ብዘይገድስ። ንዓይ ምኽሓድኩምን ምጽላእኩምን ዘልኣለማዊ ስቅያት ኬምጻኣልኩም ኢዩ፣ ኣነ ድማ መሪርን ጉሁይን ንብዓት ክነብዓልኩም ኢየ። ኦ፣ ክሳብ ክንደይ ንምጽንናዕ ናይ'ዛ ምድሪ ሃረር ክትብሉ ኢኹም፣ ዋላ'ኳ ኣብ'ዛ ምድሪ ዘሕለፍኩሞ ግዜኹም ብሓጥያት ዝተመልኡ ተድላታትን ስልጣንን ከተሳጉጉን ንካልኦት ክትጭቁኑ'ውን ኣሕልፍዎ እምበር። ኣብ ማዕሙቕ ደልሃመት ኴንኩም ንረድኤተይ ኬተእውዩ እንከለኹም፣ ምድሪ'ሲ እታ ቀደም ዝጠፍኤት ገነት ኳይና ክትስማዓኩም ኢያ።

እቶም ካብ ሞንጎኹም ንዓይ እተፍቅሩኒ፣ እንተኾነ ነፍሲታትኩም ብሓጥያት ዝመሽመሻ፣ ክትፈርሑ የብልኩምን፣ ምኽንያቱ ንምሕረተይ ኣብ እትሓቱ ግዜ ክጉልብበኩም ኢየ'ሞ። ክብደት ሓጥያታቶም ብዘይገድስ፣ ኩሎም ሓጥኣን በዒንቲ ናተይ ንነብስታቶም እንተዔርዮም፣ ክድሕኑ ኢዮም።

እቶም ኣብ ሞጎሰይ ዘለዉ ህያዋን ናብ'ታ እተደንቕ ገነተይ ክላዓሉ ኢዮም። እዚኦም ድማ፣ ናባይ ናብ መድሓኒኦም፣ ወዲ ሰብ፣  ዝጽውዑ ዘበሉ ነፍሲ ወከፍ ሓጥእ፣ ነፍሲ ወከፍ እምነት፣ ነፍሲ ወከፍ ዓሌትን፣ ኩሎም እቶም ኬድሕኖም ዝሓቱኒ ዘበሉ የጠቓልሉ።

ንምዉታን፣ ነቶም ኣብ ማዕሙቕ እቲ ናይ ንስሓ ቦታ ዝነጽሁን፣ እቶም ኣብ መንግስተ ሰማያት ኳይኖም ነዛ ዓባይ ዕለት ብዓቕሊ ዝጽበዩዋ ዘለዉን ኬተስኦም ኢየ። እቶም ዝተረፉ ካልኦት ክስጎጉ ኢዮም።

ኣብ ምድሪ ዘለኩም ግዜ ብኣቦይ ተወሲኑ ኢዩ፣ እዚ ዕለት ድማ ክሳብ ሕጂ ኣነ ኣይፈልጦን ኢየ፣ እንተኾነ ነዚ እብለኩም ኣለኹ። ንስኹም፣ ሰብ'ዚ ወለዶ፣ ክትእከቡን ሰማይን ምድሪን ሓደ ኣብ ዝኾናሉ ግዜ ናብ'ታ ሓዳስ ገነተይ ክትውሰዱ ኢኹም። ንኽትዳለዉ እቲ ግዜ ተዋሂብኩም ኢዩ፣ ስለ'ዚ ንዝያዳ ተጠቐሙሉ፣ ዘልኣለማዊ ሂወት መታን ክትረኽቡን ምስ

ፍቱዋትኩም ከተስተማቕርዎን። መታን ብዑቕባ ክቡር ደመይ ክሽፍኖም ክኽእል’ሲ ንነፍሲ ወከፍ ፍቱውኩም፣ ስድራኹም፣ ኣዕሩኽቱኹምን፣ ሃገራትኩምን ክትውፍዩ ሕጂ እሓተኩም።

ናትኩም የሱስ

---

**መታን ብዑቕባ ክቡር ደመይ ክሸፍኖም፣ ንኩሎም ’ቶም ንዓኹም ዝቐርቡኹም ንዓይ ክትውፍይዎም ነዚ ፍሉይ ጸሎት ገድሲ ድገሙ**

ረቡዕ፣ መስከረም 18, 2013 ሰዓት 23፣30

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ መታን ብዑቕባ ክቡር ደመይ ክሸፍኖም ክኸእል’ሲ ንኹሎም ዝቐርቡኹም ክትውፍዩ ነዚ ናይ ገድሲ ጸሎት ኩሉኹም ክትደግሙ እሓትት።

**ጸሎት ገድሲ (122) ንክቡር ደም የሱስ ክርስቶስ ምውፋይ**

*ክቡር የሱስ፣ ንዓይ፣ ንስድራይ፣ ኣዕሩኽተይን፣ ሃገረይን ንዑቕባ ክቡር ደምካ ክትውፍየና እሓተካ ኣለኹ።*

*ንዓይ ኢኻ ምይትካ፣ ቁስልታትካ ቁስልታተይ ኢዮም፣ ናብ ዳግማይ ምጽኣትካ ኣብ ዘምርሕ ግዜ ንዘሕልፎ ስቅያት ብጸጋ እቕበሎ ኣለኹ።*

*ክቡር የሱስ፣ መታን ዘልኣለም ሂወት ክህልወና ንኹሎም ደቂ እግዚኣብሄር ናብ ልብኻ ክትእክበና እንክለኻ፣ ምሳኻ እሳቐ።*

*ንዓይን ንኩሎም ‘ቶም ዑቕባኻ ዘድልዮምን ብክቡር ደምካ ሽፍነና።*

*ኣሜን።*

ኩሉ እቲ ዘድልየኩም’ሲ ንዓይ ምእማን ኢዩ፣ ኣነ ድማ ነቶም ንድሕነቶምን ድሕነት ካልኦት ነፍሲታትን ንዓይ ዝጽውዑ ኬዕቁቦም ኢየ።

ኪዱ’ሞ ንዕለት ፍርዲ ተጸበዩዋ። ንኩሉኹም እባርኽኩምን ንጸሎታት ገድለይ ዘለኩም ተወፋይነት ንኽትቅጽልዎ ጽንዓት እህበኩምን።

ናትኩም የሱስ

---

**ዝኾነ ሰብ፣ ዝኾነ ቀሺ፣ ዝኾነ ኣቡን፣ ዝኾነ ካርዲናል፣ ዝኾነ ጳጳስ፣ ንቃል እግዚኣብሄር ደጊሙ ክጽሕፍ ስልጣን የብሉን**

ሓሙስ፣ መስከረም 19, 2013 ሰዓት 19፣26

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ እቶም መሳኪን ቅዱሳት ኣገልገልተይ፣ ድሕሪ ስርዓተ-ኣምልኾ ኣብ ቅድሜይ ምትንኻፉን ምርኻሱን፣ ብዓብዪ ጓሂ ናባይ እንዳነየዩ ክመጹ ኢዮም። ንሱ ምስ ኣጋጠመ፣ ጥራይ ኢዮም ቃል እግዚኣብሄር ብመንገዲ ነቢይ እግዚኣብሄር ይግለጽ ከምዘሎ ዘስተብህሉ፣ ንሱ ድማ እቲ ሓቂ ኢዩ። ቃል እግዚኣብሄር ኢዩ እቲ ሓቂ። እቶም ንደቂ እግዚኣብሄር ዝዋሃቡ ትንቢታት ካብ እግዚኣብሄር እንተኼይኖም፣ ወይ እቲ ሙሉእ ሓቂ ክኸዉን ኣለዎ ወይ'ውን ጠቕሊሉ ኣይኮነን።

ብዙሓት ንዓይ ብዘኽብር መንገዲ ከምልኹኒ ክእከቡን ክሓብሩን ኢዮም፣ ምኽንያቱ ንቅዱስ ቃለይ፣ ንቅዱሳት ምስጢራተ ቤተ ክርስቲያነይ፣ ንቅዳሴይን፣ ንኣዝዩ ዝተቐደሰ ቁርባንን፣ ከቐሙዎስ ኣብ መንገዶም ደው ዘብሎም ኣይክህሉን ኢዩ። ግን ዋላ ሽዑ፣ ብዙሓት'ሲ፣ ነቶም ንዘይጥርጥሩ ነፍሲታት ዝቐርቡ ጌጋታት፣ ኣይክርእዩዎምን ኢዮም።

**ናይ እግዚኣብሄር ቤተ ክርስቲያን ምስ ኣረሜንን መስሓቕ ልምድታቶምን  ከም ዝሓበረት ምስ ተኣወጀ፣ ሽዑ ኢዮም ዝበዝሑ ካብ'ቶም ቅዱሳት ኣገልገልተይ ብሓቂ እንታይ ከምዝኸዉን ዘሎ ክርድኡዎም።** እቶም ኣረሜናዊ ኣርማታትን ሰይጣናዊ ትእምርታቲን ኣብ ውሽጢ፣ ኣብ ልዕሊን፣ ኣብ ደገ-ሰላም ኣብያተ ክርስቲያንን ክርኣዩ ምስ ጀመሩ ኢዮም እግረይ ኣውጽእኒ ክብሉ ዝጅምሩ። ኣብ ልብታቶም ዓብዪ ፍርሒ ክህሉ ኢዩ፣ ምኽንያቱ መብዛሕቶም፣ ኣብ'ቲ መድረኽ'ቲ፣ መኼዲ ኣይክህልዎምን ኢዩ፣ ነቲ ዕለት ከይተዳለዉ ስለዝጸንሑ። እዚኦም ኢዮም እቶም ዝህደኑ፣ ምኽንያቱ ንጻውዒተይ መልሲ ስለዘይሃቡ። እቲ ኩርዓቶምን ኣነነቶምን ንድምጼይ ከየላልዩ ዓጊትዎም ኢዩ። ብዙሓት ካብ ቅዱሳት ኣገልገልተይ ከይነቕሑ እንከለዉ ከርክቦም ኢዩ፣ ብዙሓት ድማ ኣንጻር መግዛእቲ ናይ'ቲ ሓሳዊ ነብዩን ጭፍርኡን፣ እቲ ጸረ ክርስቶስ፣ ሓይሊ ዝበሃል ኣይክህልዎምን ኢዩ። እዞም ክልተ ንኩለን ሃገራት ክቆጻጸሩ ኣብ ዘለዎም ድሌት ጨካናት ኢዮም፣  በዚ ድማ ዝኾነ ኣብ መንገዶም ጠጠው ክብል ዝደፍር ክድምሰስ ኢዩ።

እቶም ኣብ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያን ዘለዉ ቅዱሳት ኣገልገልተይ ኣብ መጻወዲያ ክኣትዉ እንከለዉ፣ ተዳልዮም እንተዘይጸኒሖም፣ ነፍሲታት እቶም ኣመንቲ፣ ናተይ ናይ የሱስ ክርስቶስ እሙናት ሰዓብቲ፣ ንዕዖም ኢዮም ናብ ከቢድ ጌጋ ከምዝስሕቱ ዝኾኑ፣ እዚ ድማ'ዩ ኣዝዩ መሪር ጓሂ ዘስዕበለይ። ብዙሓት'ሲ ነታ ቤተ ክርስቲያን ከምዝጠለሙ ክርእዩ ፍርሒ ኣለዎም፣ ዋላ ኣስተምህሮታተይ፣ ቅዱስ ሰረተ-እምነተይን፣ ኩሎም እቶም ምስጢራተ ቤተ-ክርስቲያን ምስተቐየሩ። ዝኾነ ሰብ፣ ዝኾነ ቀሺ፣ ዝኾነ ኣቡን፣ ዝኾነ ካርዲናል፣ ዝኾነ ጳጳስ፣ ንቃል እግዚኣብሄር ደጊሙ ክጽሕፍ ስልጣን ከም ዘይብሉ ሕጂ ክፈልጡ ኣለዎም። ነዚ ኣብ ዝገብሩሉ፣ ሕጊ እግዚኣብሄር ጥሒሶም ኣለዉ ማለት ኢዩ። እታ ንኣስተምህሮታተይ እምንቲ ኳይና እትጸንሕ ቤተ ክርስቲያን እግዚኣብሄር ንሳ ጥራይ ኢያ ዘይትጋ። ሓንሳብ እቲ ጥምረት - እቲ ነቲ ሓቂ ጥራይ

ብስመይ ዝነግር ጥምረት - ምስ ተሰብረ፣ ካባይ ይፍለዩ። ኣነ እቲ ቤተ ክርስቲያን ኢየ። ንስኻትኩም፣ ሰዓብተይ፣ ቅዱሳት ኣገልገልተይ፣ ክፉል ኣካለይ እትኾኑስ ነቲ ቅዱስ ሰረተ-እምነተይ ለጊብኩም ክትስዕቡዎ እንከለኹም ኢዩ።

**እታ ቤተ ክርስቲያን - ናተይ ቤተ ክርስቲያን - ከምዘላቶ ክትጸንሕ ኢያ፣ እቲ ሓቂ ፈጺሙ ክቕየር ኣይክእልን ኢዩ'ሞ። እቶም ካባይ ዝፍለዩ ኣካል ምድራዊት ቤተ ክርስቲያን ክኾኑ ኣይክእሉን ኢዮም።**

ናትኩም የሱስ